ENCDC ENF EPDP UEJ UDC

# *ሓባራዊ መግለጺ*
# *ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ*

*ሃገርና ኤርትራ መዳርግቲ ብዘይብሉ መስዋእቲ ናጽነታን ልዑላውነታን ዘውሓሰት ሃገር'ኳ እንተኾነት፣ እቲ ብኢደ ወነኑ ኣብ ስልጣን ተወጢሑ ንዓሰርተታት ዓመታት ብዘይቅዋምን ሕግን ንህዝብና እናድመየን እናበታተነን፡ ከገዝእ ዝጸንሐን ዘሎን ስርዓት፡ ንሃገርና ናብ ጐደና ጥፍኣት ይመርሓ ምህላዉ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።*

*ስለዝኾነ ድማ ብዙሓት ሃገራውያን፣ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት፣ ብዝተወደበን ብዘይተወደበን መልክዕ፣ ተቓውሞኦም ካብ ምግላጽ ዓዲ ኣይወዓሉን። ዓቕምታቶም ብሓባር ንምጽንባር ከኣ ብዙሕ ጻዕርታት ከም ዝተኻየደ ዝተፈልጠ ኢዩ። ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕርታት፡ "ጥርናፈ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብምርግጋጽ፡ ህዝብን ሃገርን ነድሕን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ለንደን ዝመደበሩ ናይ ትምህርትን ሕትመትን ማሕበር ኤርትራ ዝተዓደመ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2020 ኣብ ከተማ ለንደን ዓባይ ብሪጣንያ፡ ክጋባእ ተመዲቡ ዝነበረ ዋዕላ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ብሰንኪ ለበዳ ሕማም ኮሮና "ኮቪድ-19" ክፍጸም ኣይተኻእለን። ይኹን'ምበር እዚ ኣገዳሲ መደብ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ሓይልታት፡ ነቲ ብኣካል ምርኻብ ዘጸገመ ኩነታት ሰጊረን ብኤለክትሮኒካዊ (ቨርችዋል) ኮንፈረንስ ንልዕሊ ክልተ ወርሒ ዝኣክል፡ ኣብ ቀጻሊ ዘተን ምይይጥን ጸኒሐን። ንኩነታት ሃገርን ሓባራዊ ዕዮ ተቓውሞ ሓይልታትን ብዝምልከት ከኣ ኣብ ኣገዳሲ መዳያት ተዋሃሂደን ክሰርሓ ኣብ ምርድዳእ ከም ዝበጽሓ ንመላእ ህዝብን ፈተውትን ይገልጻ።*

*ናብ'ዚ ናይ ምውህሃድ ስምምዕ'ዚ ንምብጻሕ ደሪኺቲ ዝነበሩ ቀንዲ ምኽንያታት፥*

- *ኣድላይነት ምልጋስ ምልካዊ ስርዓት፡ እዋናዊ ጠለብ ህዝብና ስለ ዝኾነ፡ ህጹጽ ዝተወሃሃደ ዕማም ኩለን ፖለቲካዊ ሓይልታት ተቓውሞ ዝጠልብ ብምዃኑ፤*
- *ልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ዘሳጥሐ ናይ ጥልመትን ክሕደትን ተግባራት መላኺ ስርዓት፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ጐሊሁ ይርአ ብምህላዉ፤*
- *መላኺ ስርዓት፡ ብዝኸተሎ ፍሹል ውሽጣውን ግዳማውን ፖሊሲታት፡ ሎሚ ሃገርና ኣትያቶ እትርከብ፡ ንህላዌኣ ዝፈታትን ከቢድ ፖለቲካውን፡ ማሕበረ-ቁጠባውን ቅልውላዋት ብምህላውን፣ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ስቓይን መከራን፡ ፍልሰት መንእሰያቱን እናበኣሰ ብምቕጻሉ፤*
- *ዞባውን ኣህጉራውን ውድድራት ዝፈጠሮም ሓደጋታት ኣብ ልዕሊ ሃገርና የንጸላልዉ ብምህላዎም እዮም።*

ስለዚ እዚ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፣ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ብተወፋይነትን ብሓላፍነትን ክቕረብሉ ዝጸንሑ ብምዃኑ ኣብ ቃልስታት ደምበ ተቓውሞ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ምዕራፋት ክኸውን ተስፋ ዝግበረሉ'ዩ።

## 1. ዕላማ መሰርሕ ምውህሃድ

ንስርዓት ህግደፍ ብምእላይ፣ ቅዋማውን ዲሞክራስያውን ስርዓት ንምትካል፣ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ኣገደስቲ መዳያት ዓቕምታቶም ብሓባር ጠርኒፎም ዕቱብ ቃልሲ ንምክያድ ኢዩ። ሓድነት ህዝብና ንምርግጋጽን፡ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገርና ንምዕቃብን፡ መሰል ህዝብና ንምውሓስን ንምሕላውን፡ ብዘይካ ብሓባር ተጠርኒፍካ ምቅላስ ካልእ ኣማራጺ መንገዲ ከምዘየሎ ካብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ተገንዚብና ኢና። ካብዚ ብምብጋስ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ንምልጋስ፡ ህዝቢ ማእከሉ ዝገበረ ስትራተጂ ቃልሲ ንምድላውን ንምትግባሩን ሓባራዊ ቃልሲ ንምክያድ እዩ።

እዞም ኣብ ታሕቲ ክታምም ኣስፈሮም ዘለዉ ሓይልታት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ሓቅታት ብምንቃል፥

ሀ. ንኩሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ዝሓቁፍ ሰፊሕ ጥርናፈ ብዝምልከት ቀጻሊ ልዝብን ዑቱብ ስራሓትን ኣድላዪ መጽናዕትን ክካይዱ።

ለ. ማዕረ ማዕሪኡ፡ ናይ ሓባር ስራሕ ንምክያድ ኣብዞም ትሕት ኢሎም ተዘርዚሮም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ናይ ቃልሲ መዳያት፣ ሓይልታት ዕማም ብምቕም ተወሃሂዶም ክሰርሑ፤

ሐ. ነቶም ብሓባር ክካየዱ ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሓሎም ዕማማት ዘሰላስሉ ሓባራዊ ሓይልታት ዕማም ንምቛምን፣ ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕምታት ንምቕራብን፣ ዝከኣሎም ከበርክቱ፤

መ. ሓባራዊ ሓይልታት ዕማም ተልእኾኦም ብዘይ ዕንቅፋት ክፍጽሙ ዘኽእልዎም ዝርዝር መምርሕታት ብሓባራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ ክዳለወሎም፣ ተሓታትነቶም ከኣ ንሓባራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ ክኸውን ተሰማሚዖም።

## 2. ምቛም ኣዋሃሃዲ ሽማግለን ሓይልታት ዕማምን

ኤርትራ ሃገርና ገጢምዋ ዘሎ ሓደጋታት ኣሊኻ መዋጽኦ ንምርካብ ዘኽእል ናይ ምውህሃድ መደባት ብምስራዕ፣ ንኹሉ ንጥፈታት ዘማእከል ኣወሃሃዲ ሽማግለን፣ ኣብ'ዝን ኣብ ታሕቲ ተጠቒስን ዘለዋ ዝተፈላለያ ናይ ቃልሲ መዳያት ዝሰርሑ ሓይልታት ዕማምን ይቖማ። ዘድምዕ ስራሓት ንኽትግበር፣ ኣመሰራርታ ኣወሃሃዲ ሽማግለ ብቐንዱ ኣብ ዓቕምን ክእለትን ዝምርኮስ ኰይኑ፡ ንብዙሕነትን ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሚዛናትን ኣብ ግምት ዘእተወ ይኸውን። ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ ዝተቐረበ ፕሮግራም ዘለወን ፖለቲካዊ ሓይልታት ፍጹም ሓድነት ክገብራ ምትብባዕ።

### ሀ. ኣዋሃሃዲ ሽማግለ

ኣወሃሃዲ ሽማግለ ብኩሎም እቶም ዝተሰማምዑ ሓይልታት ይቖውም። ዕማማቶም ኣብ ምክያድ ብዕቱብነትን ብሓባራዊ ምርድዳእን (ኮንሰንሰስ) ይሰርሑ። ኣወሃሃዲ ሽማግለ ብሓደ ካብ መንጎኦም ዝተመርጸ/ት ተማእኪሉ፡ ንዝቖሙ ሓይልታት ዕማም የማእክል።

***ለ. ምቑም ሓይልታት ዕማም***

*ድሕሪ ስምምዕ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ብቕልጡፍ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ መዳያት ናይ ቃልሲ ብሓይልታት ዕማም ተወዲቦም ይሰርሑ። ኣቃውማ ሓይልታት ዕማም ኣብ ዓቕምን ክእለትን ዝተመርኮሰ ይኸውን። ሓላፍነቶም ከኣ ኣብ'ቲ ተዋሂብዎም ዘሎ ዕማም ዝተሓጽረ ይኸውን።*

***ሐ.*** *ናይ ቃልሲ መዳያት ሓይልታት ዕማም*

1. *ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ*
2. *ኣብ ዜናዊ መዳይ*
3. *ኣብ ህዝባዊ ምልዕዓል*
4. *ኣብ መዳይ ሓበሬታን ምክትታልን*
5. *ካልእ ተወሳኺ ከም ኣድላይነቱ፣ ሓይሊ ዕማም ብስምምዕ ክምስረት ይከኣል።*

***3. ናይ ግዜ ገደብ***

*ድሕሪ ምፍርራም እዚ ስምምዕ'ዚ ኣወሃሃዲ ሽማግለ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፣ ሓይልታት ዕማም ድማ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ክምስረቱ ይግበር።*

| ***ስም ፖለቲካዊ ጽላል/ውድብ/ግንባር/*** | ***ክታም*** |
|---|---|
| 1. *ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ)* | |
| 2. *ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)* | |
| 3. *ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰዲህኤ)* | |
| 4. *ውድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ውሓዲለ)* | |
| 5. *ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ (ውሓኤፍ)* | |

*ውድቀት ንመላኺ ስርዓት ኤርትራ!*
*ህዝቢ ኤርትራ ክብሩን ሓርነቱን ተሓልዩ ንዘልኣለም ይንበር!*

*ሰነ 2020*